# መደረ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ
# ኣብ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ጀኔቫ

ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ ብ’’ስም ኮሚቴ ሰብኣዊ መሰላት’’ ዝወጸን ናብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቐረበን ጸብጻብ፡ ንምቅዋም ዘቕረቦ መደረ፣
ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን፡ ሎሚ እዚ ክቡር መጋባእያ’ዚ ነቲ ኮሚሽን መርማሪ ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ጸብጻብ ክካታዓሉ መሪጹ ኣሎ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን፡
ምስዚ ብምትእስሳር ብዛዕባ’ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ በደል ገለ ክብል ኣፍቅዱለይ። እዚ ብፍቓድ ናይ’ዚ ባይቶ’ዚ ዝቖመ መርማሪ ኣካል፡ ከቢድ ስቓይን ምረትን ዘሕለፈ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ንዝውንኖ ዘሕብን ናይ ጅግንነት ታሪኹ፡ ስልጡን ባህሉን ልምድታቱን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ብከቢድ ዋጋ ንዘሰላስሎ ዘሎ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባቱ ብኣዝዩ ዘደንጹን ዘሕንኽን ዘይሓላፍነታዊ መገዲ ኣቢሉ ብጸለመ ደዊንዎን ኣነዊርዎን ኣሎ። ልክዕ’ዩ ኤርትራ ካብ ፈለማኡ ንምቛም ናይ’ዚ ኮሚሽን’ዚ ይኹን ናይ’ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ካልእ መርማሪ ኣካል ብትሪ ክትቃወሞ ከምዝጸንሐት ብዝግባእ ትፈልጥዎ ኢኹም። እቲ ክትቃወሞ ዘገደዳ ምኽንያታት ድማ ኣስዒበ ብዝርዝር ከብርሆ’የ። ክልቲኦም መርመርቲ ኣካላት፡ ሓቅታት ኤርትራ ናይ ምፍላጥ ተልእኾኦም በቲ ዝግባእ ሞያዊ ብቕዓት፡ ወድዓውን ዘይሻራዉን ኣገባብ ተኸቲሎም ኣየካየድዎን። ብኸምኡ ከካይድዎ’ውን ፈጺሞም ኣይክእሉን እዮም። ምኽንያቱ፡ ክልቲኦም መርመርቲ ኣካላት ዝቖምሉን ዝተበገስሉን ሓቀኛ ዕላማ ንሱ እቲ “ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራ ናይ ምፍላጥ ተልእኾ” ከምዘይኮነ ኤርትራ ኣዳዕዲዓ ስለ እትፈልጥ።
ክቡራት ተጋባእቲ፡ መግለጺ መንግስቲ ኤርትራ ብዛዕባ’ቲ ብዝንቡዕ ኣገባብ ዝተዳለወ ጸብጻብ ይኹን ኣብኡ ሰፊሩ ዝርከብ ቅንጣብ ሓቅነት ዘይብሉ ጭቡጥን ጉሉሕን ጌጋታት፡ ከምኡ’ውን ግጉይ ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ለበዋታትን ድሮ ተዘሪቡሉ ስለዘሎ፡ ኣብዚ ምድጋም ኣየድልን። ኣብዛ ተፈቒዳትለይ ዘላ ሓጻር ግዜ ድማ፡ ኣብቲ ግሉሕ ድርሰት ፖለቲካዊ ድራማ ናይ’ቲ ጸብጻብ ኣተኩረ ከብርህ ኣፍቁዱለይ።
1. ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ኣብ ትሕቲ’ቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2009ን 2011ን ብነድኢ ዓበይቲ ሓይሊታት ተደሪኹ ዘሕለፎ ብይን ናይ ማዕቀብ’ያ ዘላ። ኣብ ርእሲ ከተማታት፡ ብዙሓት ወገናት ካብቶም ነቲ ብይን ዝሃንደሱን ዝደገፉን ቀንዲ ተዋሳእቲ ወገናት ከይተረፈ ክኣምንሉ ጀሚሮም ኣለው። እዚ ኮይኑ እቲ ሓቂ ግን፡ እዛ ውልዶን ሓዳስን ሃገር ብሰንኪ’ቲ ኣብ ልዕሊኣ ጸኒዑ ዘሎ ማዕቀባት፡ ኣብ ቁጠባዊን ልምዓታውን ገስጋሳ ከቢድ ዋጋ ክትከፍል ትግደድ ምህላዋ ክፍለጥ ክኽእል ኣለዎ። ወላ’ኳ እቲ እገዳ ፈጺሙ ክኸዉን ዘይነበሮ ብመሰረቱ ጌጋ ምንባሩ ብዙሓት ካብ ሃንደስቱን ደገፍቱን ከይተረፉ ኣብዚ እዋን ይጣዓስሉ እንተሃለዉ፡ ብሰንኪ ፖለቲካዊ ዕንቅፋታትን ዲፕሎማስያዊ ልምሰትን፡ ብቐንዱ ድማ ብሰሪ’ቲ ቀንዲ ሃንደስቲ ናይ’ቲ ጉዳይ ዝኾኑ ገለ ፖለቲካውያን ሓይሊታት ዘካይድዎ ዘለው ዘየቋርጽ ተጻብኦታት ገና ከይተሰረዘ ጸኒዑ’ዩ ዝቕጽል ዘሎ። ክንድዝኾነ እዚ ክቡር መጋባእያ’ዚ ነዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ጸብጻብ ክድግፎ እንተመሪጹ፡ ንኣህጉራዊ መትከላትን ፍትሒን ዝግህስ ካልእ ይቕረ ዘይባሃሎ ኣነዋሪ በደል ኣብ ልዕሊ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ክፍጸም’ዩ ማለት’ዩ።

2. ኤርትራ፡ እዚ ጸብጻብ’ዚ ከም መተካእታ ናይ’ቲ ንስዉር ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ሓያላን ከሳሲ ተባሂሉ ኣቕዲሙ ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊኣ ዝተተግበረ ፍሹል ማዕቀብ ከገልግል ኢሉ ካብ ፈለማኡ ዝተጠጀአ ከምዝኾነ ዘእምን ብቑዕ ምኽንያት ኣለዋ። ንምቛም ናይ’ዞም መርመርቲ ኣካላት ተባሂሎም ኣቕዲሞም ዝሓለፉ ውሳኔታት፡ ሃንደስቶምን ደገፍቶምን እቶም ምስ ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ተጻብኦ ተጸሚዶም ዝርከቡ ወይ ድማ ምስ ኤርትራ ዝኾነ ወግዓዊ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ዘይብሎም ሓይሊታት’ዮም። እዚ ጭብጥታት’ዚ ንርእሱ ኩሉ’ቲ መስርሕ ካብ ፖለቲካዊ ድፍኢት ዝነቐለ ምዃኑ ዘብርህ’ዩ።

3. ኤርትራ፡ እቲ ኮሚሽን ኣብ መስርሕ ናይ መርመራ ተልእኾኡ ደይ መደይ ኢሉ ዓሎቕ ብምፍጻም፡ ኣቕዲሙ ዝተጠጀአ፡ ሓያል ፖለቲካዊ ድፍኢት ዘለዎ መደምደምታታትን ለበዋታትን ዝሓዘለ ዝንቡዕ ጸብጻብ ከምዘውጽአ ትኣምን። ብርግጽ’ውን እቲ ኮሚሽን ንጸብጻቡ ካብ ቃለ-ምሕትት 550 ኤርትራዉያን ስደተኛታት ሓተቲ ዕቑባ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ደገ ካብ ዝነብሩ 160 ዜጋታት ኤርትራ ብዝኣከቦ ናይ ጽሑፍን ቃልን ምስክርነት ከም ዘዳለዎ ባዕሉ ተኣሚኑ ኣሎ። ኣብ ደገ ዝነብሩ ኤርትራዉያን ከባቢ ሓደ ሚልዮን ክንሶም እቲ ሓቂ ግን፡ ኣብዚ ቁንጫል ናይ ውክልና ቁጽሪ’ዚ ጥራይ ተመርኲስካ ንሓንቲ ልኡላዊት ሃገርን መንግስታን ብገበን ክትከስስ ምፍታን ፈጺሙ ብቑዕ ወይ ቅቡል ኣይኮነን። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ እቲ ኮሚሽን ኣብቲ ጉዳይ ሓቂን ሓሶትን ንምርግጋጽ ተጠቒመሉ ዝበሎ “ንኽትኣምኖ ምኽኑይ ዝኾነ ባይታ” ኢሉ ዝጠቐሶን መለከዒታት ኣዝዩ ባዕላዊ ብምዃኑ፡ ንሓቅነት ናይ’ቲ በቶም ኤርትራውያን ሓተቲ ዕቑባ ኮነ በቶም ንፍሉይን ሓንካሪን ኣጀንዳታት ብምስሳይ ዝተፈልጡ ውልቀ-ሰባት ተዋሂቡ ዝባሃል ዘሎ ቃለ-ምስክርነት ንምርግጋጽ ፈጺሙ ዘኽእል ኣይኮነን። እቲ ሓቂ፡ እቲ ኮሚሽን ኣብ መርመራኡ ነቲ በተን ኣብ ኤርትራ ዝመደበረን ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክወሃብ ዝጸንሐ ዝተፈላለየ መጽናዕታዊ ጸብጻባት ክውከስ ኣይደለየን። በተን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ዋኒናት ዝነጥፉ ዘለዋ ፍሉጣት ኩባንያታት ወጻኢ ንዝቐረበ ቃለ-እምነትን መጎተን፡ ኣብ ሽርካዊ ዋኒናት ብናጻን ፍሉጣትን ናይ ደገ ትካላት ንዝተገብረ ጸብጻባት፡ ከምኡ ድማ ብኤርትራውያን ማሕበረ-ኮማት ኣብ ደገ ንዝቐረበ ቃለ-እምነትን መጎተን ኮነ ኢሉ ነጺግዎ’ዩ። ገለ ተባዓት ውልቀ-ሰባት’ውን ክመጾም ንዝኽእል ሕጋዊ ሳዕቤን ብዘየገድስ፡ ነቲ ዑቕባ ንምርካብ ክብሉ ዝሃብዎ ምስክርነት ብኸሎም ዑቕባ ዝሓቱ ዝድገፍ መሰረት ዘይብሉ ብምዃኑ እቲ ኮሚሽን ከምዘለዎ ከይጥቀመሉ ከምዝሓበሩ ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ ነዚ መርትዖታት’ዚ እቲ ኮሚሽን ኣብ ጸብጻቡ ፍጹም ግምት ኣይሃቦን፡ ኣይጠቐሶን’ውን።

4. እቲ ኮሚሽን፡ ነቲ “ናብ ኤርትራ ኣትየ ስርሓይ ከየሰላስል ተኸልኪለ” ዝብሎ ከም ምስምስ ተጠቒሙ፡ ንዝንቡዕን ዘይሚዛናውን ጸብጻቡ ብዘይሕንከት ርትዓውነት ከልብሶ ጽዒሩ’ዩ። ልክዕ’ዩ መንግስቲ ኤርትራ ምስቲ ኮሚሽን ተሓባቢሩ ክሰርሕ ኣይመረጸን። እዚ ከኣ ኣብ መትከሉ ጽኑዕ እምነት ስለ ዝነበሮ ደኣ’ምበር፡ ካብኡ ከዊሉ ክሰትሮ ዝደለዮ ገለ ነገር ስለ ዘለዎ ኣይኮነን። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኩሉ’ቲ ነቲ መርማሪ ኮሚሽን ንምቛም ካብ ፈለማኡ ክካየድ ዝጸንሐ መስርሕ ብፖለቲካዊ ድፍኢት ናይ’ቶም ቀንዲ ጸላእቲ ኤርትራ ዝኾኑ ሓይሊታት ተኣሊሙ ዝተበገሰ ምዃኑ ኣትሪሩ ክቃወሞ ስለ ዝጸንሐን ጭቡጣት መርትዖታት ስለ ዘለውዎን’ዩ ምስ’ቲ መርማሪ ኮሚሽን ካብ ምትሕብባር ዝተቖጠበ። እዚ ከኣ፡ እቲ ኮሚሽን ብዝኾነ ይኹን መገዲ ምስ ኢትዮጵያን ጅቡቲን ኣብ መኣዲ ውዲት ከቢቡ ነቲ ጸላእቲ ኤርትራ ብቐጻሊ ዝነዝሕዎ ብሓሶት ዝተላዕጠጠ ዝበለየ ሓበሬታ ደጊሙ ክዝርግሕ ፈጺሙ ምኽንያት ክኾኖ ዝኽእል ኣይኮነን።

5.እዚ ንረብሓ ሓደ ወገን ጥራይ ከገልግል ተባሂሉ ዝተዳለወ ሚዛን ዘይብሉ ዘሕንኽ ጸብጻብ ኮሚሽን፡ ነቶም ዝኾነ ሓበሬታ ዘይጸንሖም ለባማት ሰባት ግርም ጌሩ ነጺርሎም ኣሎ። 20 ሰነ ኣብ ኤርትራ መዓልቲ ሰማእታት’ያ። ብተዛማዲ ውሑድ ቁጽሪ ዝውንን ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓርነቱ ንምርግጋጽ ኣብ ዘካየዶ ናይ 30 ዓመት መሪር ብረታዊ ቃልሲ ልዕሊ 60 ሽሕ ምሩጻት ደቁ ከፊሉ’ዩ። እዚ ከይኣክል፡ ኣብቲ ልኡላዉነቱ ንምዕቃብ ድሒሩ ዘካየዶ ናይ ዶብ ውግእ ተወሳኺ 20 ሽሕ ህይወት ክኸፍል ተገዲዱ። እዚ ይኹን’ምበር፡ እቲ ኮሚሽን ነቲ ኤርትራ ኣብ ባይታ ብኸቢድ ከንጸላልዋ ዝጸንሐን ገና ዘንጸላልዋ ዘሎን ንድሕነታ ዝፈታተን ግሁድ ሓደጋታት ዓይኑ ዓሚቱ ክጎስዮ’ዩ መሪጹ። ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ፡ “ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ዶብ ሽግራተን ብዲፕሎማስያዊ ልዝብ ንኽፈትሓ ሓግዝወን” ዝብል ናብ ምሕበረ-ሰብ ዓለምን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝቐንዐ ዘይውርዙይ ለበዋ ኣብ ጸብጻቡ ኣስፊሩ። ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ነቲ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ሕዳር 2007፡ ብልክዕ ዶብ ክልቲኤን ሃገራት ዘነጽር ምልክት ዶባት ኣብ ቤት ጽሕፈት ካርቶግራፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከምዘቐመጠ ብንጹር ዝፍልጦ ኣይመስልን ወይ ድማ ዕሽሽ ኢልዎ ኣሎ። ከምኡ’ውን፡ እቲ ኮሚሽን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ’ታ ኣህጉራዊ ሕጊ ብቕሉዕ ረጊጻ ትኸይድ ዘላ ኢትዮጵያ ግቡእ ስጉምቲ ክወስድ ዝግብኦ’ኳ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዕንቅፋታት ኣመሪካ ተዓጊቱ ምህላው፡ ዝተገንዘቦ ኣይመስልን ወይ ብፍላጥ ክጎስዮ ዝደለየ’ዩ ዝመስል።

6.እቲ ኮሚሽን፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዜጋታቱ ፈጺምዎ ንዝብሎ ግህሰት ኣመልኪቱ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ እምብዛ ዘሰደምም’ዩ። ነቲ ካብ 1492 ኣትሒዙ ሰፊሕ ዝርግሐን ተቐባልነትን ዝነበሮ ናይ ባዕሉ ያታዊ ሕጊታት ነዲፉ ክመሓደር ዝጸንሐ ነዊሕ ታሪኽ ዝውንን ስልጡን ህዝቢ ኤርትራ፡ “ኣብ ትሕቲ ራዕዲ ዝነብር ሕጊ-ኣልቦ” ክብል ዘይግብኦ

ስም ኣጠሚቕዎ ኣሎ። ነዛ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቑሸታታን ከተማታታን ኣብያተ-ክርስትያን መሳጊድን ዝራኣያላ፡ ካብ 4ይን 7ይን ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ ንእምነታት ክርስትናን ምስልምናን ዝሰዓበ ልዕሉ ፍርሃት ፈጣሪ ዘለዎ ጭዋ ህዝቢ እትውንን ሃገር፡ ንምጭጫሕ ብደገ ዝምወላ ሓደስቲ እምነታት ዘፍቅድ ሕጊ ስለ ዘይብላ ጥራይ "ብሃይማኖታዊ ግህሰት ዝጠስጠሰት" ክብል ደዊንዋ ኣሎ። እዛ ብተዛማዲ ውሑዳትን መብዛሕትአን ድማ ብሓደ ዲፕሎማት ጥራይ ዝካየዳን ኤምባሲታት ኣብ ደገ ዘለዋ ሃገር፡ ኤምባሲታታ ነቶም ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ሓደ ሚልዮን ዝግመቱ ዜጋታታ ንምስላልን ንምፍርራሕን ትግልገለለን ከምዘላ ኣምሲሉ'ውን ወንጂልዋ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ እቲ ኮሚሽን፡ ዋሕዚ ስደት ኤርትራዉያን ሕጂ ዘይኮነ ኣብ 1960ታት ዝጀመረ ምዃኑ፡ ንብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ተበጊሱ ዝቕጽል ዘሎ ገዚፍ መደባት ዳግመ-ህንጻ ዓንዲ-ሕቖ ኮይኖሞ ዘለዉ ድማ ንሳቶም እቶም ኣብ ስደት ዝነብሩ ዜጋታት ምዃኖም ፈጺሙ ኣይተገንዘቦን። ብሓጺሩ እቲ ፈጺምዎ ዘሎ ጌጋታት ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን።

7.ኣብ ጉዳይ'ቲ ንኩነታት ኤርትራ-ሶማል ከጽንዕ ተመዚዙ ዝነበረ ተቖጻጻሪ ጉጅለ (Monitoring Group) እንተተመልከትና'ውን፡ እቲ ጉጅለ ገለ ኣባላቱ ምስተን ተጻባእቲ ኤርትራ ዝኾና ገለ ሃገራት ጥቡቕ ፖለቲካዊ ምትእስሳር ስለ ዝነበሮም፡ ካብ ዋጋ-ዕዳጋ ናጻ ዝኾነ ወድዓዊ ጸብጻብ ከቕርብ ኣይካኣለን። ከምእትፈልጥዎ፡ ሓደ ካብቶም ሰበ-ስልጣን ናይ'ቲ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ዝነበረ ኣባል ኣቐዲሙ ናብ በዓል-ስልጣን ነበር መንግስቲ ኤርትራ ብስቱር ኣብ ዝጸሓፎ ደብዳበ፡ ኣብ ኤርትራ "ስርዓት ንምቕያር" ይሰርሕ ከምዘሎ ብቕሉዕ ከምዝገለጸሉ ምስ ተረጋገጸ፡ ካብ መዝነቱ ከምዝተባረረ ይዝከር። ብዝኾነ ግን ኤርትራ፡ ገለ ካብ ሰበ-ስልጣን ናይቲ ኮሚሽን ወከልቲ ናይቶም ኢድን ጓንቲን ኰይኖም ኣንጻራ ደው ኢሎም ዝርከቡ ሓይልታት ከምዝኾኑ ዘረጋግጽ ኣመታት ኣለዋ። ኤርትራ ድማ፡ እቲ ኮሚሽን ምስቶም ስርዓታ ንምዕላው ዝጽዕሩ ዘለው ጉጅለታት ጥቡቕ ናይ ረብሓ ምትእስሳር ዘለዎም ኣባላት ከምዘለውዎ፡ ኩሎም ድማ ኣንጻር ኤርትራ ንዝቐንዐ ዘይቅዱስ ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ከምዝድግፉን ከምዘሳስዩን እዚ መጋባእያ'ዚ ክግንዘቦ ትደሊ።

8.ኣብ መወዳእታ ነዚ ዝስዕብ መብርሂ ክውስኽ ኣፍቅዱለይ። መርማሪ ኮሚሽን ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ኣመልኪቱ ዝለፍለፈሉ ጸብጻብ ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂን ክውንነትን ፈጺሙ ዝዛመድ ኣይኮነን። ሕጽረታት ከምዘሎ ርዱእ ኰይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ኩሉ ዘብለጭልጭ'ዩ ኢልና ክንዛረብ ኣይንደልን። ኣብ ውሽጢ መስርሕ ኣድማሳዊ ወቕታዊ ገምጋም (UPR) ብምእታው ድማ ንምዕራዮም ክንጽዕር ጸኒሕናን ገና ንጽዕር ኣለናን።

ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ግን፡ ኤርትራ ዝተፈላለዩ ጸገማት ዘጋጥምዋ ዘለዉ ንእሽቶ ሃገር'ያ። ዝበዝሑ ካብቶም ጸገማት ከኣ ካብ ደገ ዝምንጭዉ ብድሆታትን ተጻብኦታትን ንሶም ዝፈጥርዎ ዕንቅፋታትን'ዩ። መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት በቲ ዝጀመሮ ከየቋረጸ ይቕጽል ኣሎ። ናይ ግዜ ገደቡ 18 ኣዋርሕ ጥራይ ክኸውን ዝግብኦ ዝነበረ፡ ብሰንኪ'ቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሌና ዝሃንደሰቶን ዝኣወጀቶን ኲናት ተናዊሑ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ኩነታት ምስ ዘፍቅድ ሰፊሕ ናይ ምጥያስ መደባት ከተተግብርን ንመደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብቲ ናይ ቀደሙ ክትመልሶን ምዃና ምፍላጥ የድሊ። ኤርትራ ምስ'ዚ ኩሉ ኣጋጢምዋ ዘሎ ብድሆታት፡ ዕብየት ትካላታ ብርትዓውን ኣታኣማማኒን ፍጥነት ይስጉም ኣሎ። ቁጠባኣ'ውን ብሳላ'ቲ ከተካይዶ ዝጸንሐት ሓያል ናይ ትሕተ-ቅርጺ ስርሓት እናተረጋግአን እናተመሓየሸን ብምምጻእ፡ ብልዑል ናህሪ ክምርሽ ኣብ ዘኽእሎ ድልዱል ባይታ ረጊጹ ኣሎ። እቲ ሓቂ እዚ ክንሱ ግን፡ እቲ ኮሚሽን ንኤርትራ ብሓሶት ከሲሱ ንፖለቲካዊ ኣጀንዳ ናይ ገለ ሓይሊታት ከሳሲ ስለ ዝደለየ፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቀኛ ክውንነት ክኣምነሉ ኣይመረጸን። እዚ ዓሎቕ'ዚ ይቕረ ክበሃሎ እንተዘይክኢሉ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ መሰል ሓርነቱ ኣብ 1947 ብኮሚሽን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ብምእታው ንባርነት ተፈሪዱ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሳልሳይ ዝዓበየ በደል ክፍጸም ምዃኑ ምግንዛብ ከድሊ'ዩ